ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ ከተማ መቐለን ደቡብ ምብራቕን እውን ካብ ዞባታት ብሪፈር ንዝመፁ ናይ ትካል ሰራሕተኛታት ሓሚሞም ዝሕከምለ ናይ ውልቀ ሆስፒታላት ብምውድዳር ሰራሕተኛታት ናይ ሕክምና ግልጋሎት ክረኽቡ ስለ ዝደሊ

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ነሓሰ 12, 2017 ( ቅድሚ 7 ወርሒ)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ረቡዕ ነሓሰ 21, 2017 03:30 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2%
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:200.00
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ረቡዕ ነሓሰ 21, 2017 04:00 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ጥዕና ተንከፍ ዝኮኑ ግልጋሎት/

ምልክታ ጨረታ

ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ ከተማ መቐለን ደቡብ ምብራቕን እውን ካብ ዞባታት ብሪፈር ንዝመፁ ናይ ትካል ሰራሕተኛታት ሓሚሞም ዝሕከምለ ናይ ውልቀ ሆስፒታላት ብምውድዳር ሰራሕተኛታት ናይ ሕክምና ግልጋሎት ክረኽቡ ስለ ዝደሊ ነዚ ቀፂሉ ዘሎ ዝርዝር ረቋሒ እተማልኡ ትካላት ኣብዚ ጨረታ ክትሳተፉ ይዕድም።

ዝርዝር መመዘኒ ረቋሕታት ዝምልከት

1. ተጫራቲ ናይቲ ሆስፒታል ብዓል ዋና ምኳኖም ዘረጋግፅ ፍቃ ናይ ግብሪ ከፋላይ መፍለይ ቁፅሪ /TIN/ ከቕርቡ ዝኽእሉን ከምኡ እውን ናይ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎም ክኾኑ ይግባእ።

2. ተጫረቲ ካብ ዘቕርብዎ ጠቕላላ ዋጋ ካብ 2% ዘይነ ናይ ጨረታ መኽበሪ ብባንኪ ዝተረጋገፀ CPO ብፖስታ ዓሺጎም ክቅርቡ ይግባእ፡

3. ኣብ መቐለ ዝድለዩ _ በዝሒ ግልጋሎት መውሃብቲ ሆስፒታላት ክልተ እንትኾኑ ብመሰረት ትካል ዘደላዎ ቴክኒካል መመዘኒ ረቛሒ ወይ እስፔስፊኬሽን ከማልኡ ዝኽእሉን ቅልጡፍ ግልጋሎት ንምርካብ ናይ ባዕሎም ቆወምቲ ዝተፈላለዩ ሳብ ስፔሻሊስትን ስፔሻሊስትን ሓካይም ዘለዎም ሆስፒታላት ቅድሚያ ዝወሃቦም ይኸውን።

4. ኣብዚ ውድድር ዝሳተፉ ብብርኪ ሆስፒታል ኣፍልጦ ዝረኸቡ ትካላት ጥራሕ ይኾኑ።

5. ተወዳደርቲ ኣብ ሆስፒታሎም ግልጋሎት ናይ ዝህቡ ሓካይም ዝህብዎ ሞያዊ ግልጋሎት መሰረት ዝገበረ ዝርዝር መረዳእታ ከቕርቡ ዝኽእሉ ከምኡ ድማ ብመሰረት ዝተዳለወ ስፔስፊኬሽን ምስ ግዚኦ ዝኸዱ መሰረታውያን ዝበሃሉ ናይ ምርመራ መሳርሕታት ዘማልኡ ክኾኑ ይግባእ።

6. ተወዳደርቲ ናይ ጥዕና ትካላት ኣብ ኣወሃህባ ናይ ጥዕና ግልጋሎትን ሞያዊ ስነ ምግባርን ዝምልከት ከምኡ እውን ኣብ ግልጋሎት ፋይናንስ ምስ ትካልና ተቀራሪቦም ንምስራሕን ንምውዕዓልን ቅሩብነት ከም ዘለዎም ዘረጋግፁ ክኾኑ ይግባእ።

7. ተጫረቲ ዘዳልውዎ ሰነድ ፋይናንሻል ሰነድ ኦርጅናልን ቅዳሕን ከምኡ እውን ቴክኒካል ሰነድ ኦርጅናልን ቅዳሕን ነኒ በይኖም ኣብ ዝተፈላለዩ ፖስታ ብሸምዒ ብምዕሻግ ኣብ ዝባኖም ኦርጅናልን ቅዳሕን ምኳኖም ዝሕብር ዝንበብ ፅሑፍን ናይ ትካል ማህተምን ብምግባር ኣብ ሓደ ዓብይ ፖስታ ብምዕሻግ ነዚ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ 4ይ ደብሪ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ኣታዊ ክገብሩ ይግባእ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

8. ውፅኢት ጨረታ ዝልካዕ ብድምር ውፅኢት ክልቲኡ 100 ተመዚኑ መሕለፊ ነጥቢ 70ን ልዕሊኡን ተኸፊቱ ልዕሊ 70 ነጥቢ ዝረኸቡ ተወዳደርቲ ምስተፈለዩ ቀፂሉ ንተወዳደርቲ ኣብ ዝተነፀረ መኽፈቲ ዕለት 30 ነጥቢ ዝሓዘ ፋይናንሻል ሰነድ ተኸፊቱ ብድምር ካብ 100 ብቀደም ስዓብ ዝለዓለ ነጥቢ ዝረኸቡ 2ተ ተወዳደርቲ ትካላት ስዓርቲ ጨረታ ይኾኑ። ቴክኒካል መሕለፊ ነጥቢ ዘይረኸቡ ተወዳደርቲ ዘትሓዝዎ ፋይናንሻል ሰነድ ከይተኸፈተ ናብ ኢዶም ተመላሲ ይኸውን።

9. እቲ ዝወሃብ ግልጋሎት ንሓደ ዓመት ዝፀንሕ ኮይኑ ከም ኣድላይነቱ ብናይ ክልቲኦም ወገናት ናይ ሓባር ስምምዕነት እቲ ውዕል በቢ እዋኑ ክሕደስ ይኽእል እዩ።

10. ናይ ጨረታ መወዳደሪ ዝርዝር ዝሓዘ ደኩመንት ካብ ዕለት 12/12/2017 ዓ.ም ጀሚሩ

ካብ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ጨንፈር ሓወልቲ ዘይምለስ ብር 200.00 ክልተ ሚኢቲ ብር/ ብምኽፋል ኣብ ስራሕ ሰዓት ክትወስዱ ትኽእሉ፣

11. ናይ ጨረታ ዶኩመንት ብፖስታ /ሽምዒ/ ዝተዓሸገ ኾይኑ ናብ ጨረታ ሳንዱቕ ኣታዊ ዝግበረሉ ዕለት ካብ 12/12/2017 ዓ.ም እስካብ ዕለት 21/12/2017 ዓ.ም ሰዓት 3፡30 ናይ ንጉሆ ዘሎ ግዜ ይኸውን።

12. ጨረታ ዝኸፈተሉ ዕለት 21/12/2017 ዓ.ም ኮይኑ ልክዕ ሰዓት 3፡30 ናይ ንጉሆ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4፡00 ናይ ንጉሆ ተጫረቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላት ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ 4ይ ደብሪ ክፍሊ ፋይናንስ ይኸፈት። ተጫረቲ ወይ ወኪላት ብኣካል እንተዘይተረኸቡ እውን ሕጋውነቱ ክሳብ ዝተረጋገፀ እቲ ዝኣተወ ሰነድ ጨረታ ኩሉ ዝኸፈት ይኸውን።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle